ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶትን ምምሕዳር ፋይናንስን ወረዳ ዓድዋ ካብ ናይ መደበኛ ዝተረከበ በጀት ኣብ 2018 ዓም ንቤት ፅሕፈት ወረዳ ዓድዋ ግልጋሎት ዝዉዕል ናይ ፅሕፈት መሳርሒ : ናይ ፅሬት ኣቅሑት :ኤሌክትሮኒክስ : ናይ ሞተር ሳይክል መለዋወጢ ኣቅሑት : ኣቅሑት ሕትመት : ቅብኣት : ፈርኒቸር : ህንፃ መሳርሒ :ናይ እንስሳ መድሓኒትን ናዉቲን : ዝፅገን መዕፆ መስኮትን: ኤሌክትሪክ ኣቅሑት :ጎማ መከናን : ናይ መኪና ስፔር ፓርትን ብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሶኒ ጥሪ 4, 2018 (ቅድሚ 10 ወርሒ)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጥሪ 19, 2018 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:ናይ ፅሕፈት መሳርሒ 20000 ብር : ናይ ፅሬት ኣቅሑትን ናይ ሞተር ሳይክል መለዋወጢ ኣቅሑት : ጎማ መኪና : ቅብኣት : ናይ እንስሳ መድሐኒትን ናዉቲን ንሕድሕድ 5000 ብር : ኤሌክትሮኒክስ 30000 ብር : ንፈርኒቸር ዘይቲ ሞተርን መኪና : ህንፃ መሳርሒን : ሕትመትን : ኤሌክትሮኒክስ ኣቅሑት : ዝፀገን ማዕፆን መስኮትን ናይ መኪና ፔር ፓርትን ንሕድሕድ 2000 ብር
- ቦታ:ዓድዋ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:100
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጥሪ 19, 2018 4:15 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ናይ ንፅህናን ፅሬት ኣቁሑት/ ኮንስትራክሽን ማሽነሪን ኣቁሑትን/ ኮንስትራክሽን ጥረ ኣቁሑት/ ኤሌክትሪካልን መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ መለዋወጢ ኣቁሑት መኪና/ መለዋወጢ ኣቁሑት ሞተርሳይክል/ መለዋወጢ ኣቁሑት ሳይክል/ ናይ ቢሮ ፈርኒቸር/ ፅገና ገዛ ኣቁሑት፡ በርን መስኮት/ ናይ እንስሳት ምድሃኒታትን መሳሪሕታትን/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/ ናይ ሕትመት ኣቁሑትን/ ጥዕና ተንከፍ አቁሑትን ኣክሰሰሪ/

1 በዚ ዘፈር ሕጋዊ ንግዲ ፍቃድ ዘለዎም

2 በቲ ዘፈር ናይ 2018 ዓም በጀት ዓመት ፍቃድ ንግዲ ዝሐደሰ ከምእዉን ናይ 2018 ዓም ዝተሐደሰ መቅረባይነት ዘለዎ

3 መለለይ ቁፅሪ ከፋላይነት ግብሪ ዝተመዝገበ ምካኑ ምስክር ወረቀት ከቅርብ ዝክእል

4 ናይ ፅሕፈት መሳርሒ : ናይ ፅሬት ኣቅሑት :ኤሌክትሮኒክስ : ናይ እንስሳ መድሓኒትን ናዉቲን ተወሳኪ እሴት ታክስ ምዝገቡን ናይ ወርሒ ታሕሳስ 2018 ዓም ሒሳብ ዘወራደርሉ መረዳእታ ዘቅርብ ክከዉን አለዎ

5 ሰነድ ጨረታ ካብ ካብ ዝተጋወሐሉ ዕለት 4/5/2018 ዓም ሰዓት 2:30 ጀሚሩ ክሳብ 19/5/2018 ዓም ሰዓት 4:00 ካብ ቤት ፅሕፈትን ትልምን ፋይናንስን ወረዳ ዓድዋ ከይዲ ስራሕ ዕድጋ ንብረት ሕትመት : ኤሌክትሮኒከስ : ዝፅገን መዕፆ መስኮትን: ፈርኒቸር :ናይ መኪና ስፔር ፓርት : ህንፃ መሳርሒ : ቅብኣት መዓደጊ ሰነድ ብነፃ ካልኦት ዝተረፈ ድማ ካብ ቤት ፅሕፈትን ትልምን ፋይናንስን ወረዳ ዓድዋ ከይዲ ስራሕ ዕድጋ ዘይምለስ 100 ቅርሺ ብምክፋል ሰነድ ጨረታ ካብ ቢሮ ቁፅሪ 7 ምዉሳድ ይከኣል

6 ድሕሪ ዉዕሊ ምእሳሩ አብ 15 ተከታታሊ መዓልቲ መጎዓዝያ ካልኦት ወፃኢታት ብናይ ባዕሉ ብምሸፋን ናብ ወረዳ ዓድዋ ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶትን ምምሕዳር ፋይናንስን ከቅርብ ዝክእል

7 መከበሪ ሰነድ ጨረታ ናይ ፅሕፈት መሳርሒ 20000 ብር : ናይ ፅሬት ኣቅሑትን ናይ ሞተር ሳይክል መለዋወጢ ኣቅሑት : ጎማ መኪና : ቅብኣት : ናይ እንስሳ መድሐኒትን ናዉቲን ንሕድሕድ 5000 ብር : ኤሌክትሮኒክስ 30000 ብር : ንፈርኒቸር ዘይቲ ሞተርን መኪና : ህንፃ መሳርሒን : ሕትመትን : ኤሌክትሮኒክስ ኣቅሑት : ዝፀገን ማዕፆን መስኮትን ናይ መኪና ፔር ፓርትን ንሕድሕድ 2000 ብር ብጥረ ገንዘብ ወይ ብባንኪ ዝተረጋገፀ ሰርቲፋይድ ቼክ ስፒኦ ወይ አብ ኩነታት ዘይተመሰረት ዉሕስና ባንኪ ከትሕዝ ዝክእል ናይ ገብርቲ ሰናይ ምስ መደበኛ ይከዉን

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

8 ሰነድ ጨረታ 4/5/2018 ክሳብ 19/5/2018 ዓም ናብ ዝተዳለወ ሳንዱቅ ጨረታ ክሳብ ሰዓት 4:00 ንጉሆ ኣታዊ ኮይኑ ልክዕ ኣብቲ ዕለት ሰዓት 4:15 ንጎሆ ተጫረቲ ወይ ሕጋዊያን ወከለቶም እቲ ጨረታ ይክፈት ይኹን እምበር ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ዋላ ኣይርከቡ እቲ ጨረታ ከብ ምክፋት ኣይተኣጎልን

9 ጨረታ ፀኒዑ ዝፀንሐሉ ገዘ ካብ 30 ማዕልቲታት ዘይበልፅ ይከወን

10 ተጫረቲ ንዝቅርብዎ ንብረት ቤት ፅሕፈት ብዘቅረቦ ስፐስፊኬሽን ብወካሊኢ መርኣያ ወይ ብባዕል ሞያ ብዘረጋገፆ መሰረት ከቅርብ ዝክእል#

11 ቤት ፅሕፈትና 20 ሚእታዊ ክዉስክ ወይ ክቅንስ ይክእል እዩ

12 ተጫረቲ ዘቅርብዎ ሰነድ ፊርማን ማህተምን ክህልዎ ይግባእ

13 ቤት ፅሕፈትና ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ሙሉእ ብሙሉእ ወይ ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ

ንተወሳኪ ሐበሬታ 0914175554 0946468445 0914787245

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle